Seattle Office of Labor Standards

# Paid Sick and Safe Time and COVID-19 -- **ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታትን መልሲታቶምን**

**ብ 5-1-2021 ዝተመሓየሸ**

ንሰራሕተኛታት ዝኽፈሎ ናይ ሕማም ከምኡድማ ውሑስ ግዜ (PSST፣Paid Sick and Safe Time ) ከምዝጥቀሙ ብምግባር ኣስራሕቲን ሰራሕተኛታትን እቲ ማሕበረሰብ ውሑስን ጥዕናኡ ዝተሓለወን ኮይኑ ክቕጽል እጃሞም ከበርክቱ ይኽእሉ እዮም! እዚ ሰነድ ብዛዕባ ናይ ዝኽፈሎ ናይ ሕማም ከምኡድማ ውሑስ ግዜ ሲያትል (Seattle Paid Sick and Safe Time) ሕጊ ክተልዕሉዎም ንትኽእሉ ሕቶታት መልሲታት ክህበኩም እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ብኽብረትካ ናይ ቤት-ጽሕፈት ስተንዳርድታት ሸቕሊ (Office of Labor Standards) መርበብ ሓበሬታ ተወከስ።

እቲ ናይ ዝኽፈሎ ሕማምን ውሑስ ግዜን ኦርዲናንስ (Paid Sick and Safe Time Ordinance):

- ሰራሕተኛታትን ህጻውንቲን ክሓሙ እንከለዉ ካብ መሳርሕቶም፡ ቤት-ትምህርቲ፡ ከምኡድማ ዓማዊል ርሒቖም ኣብ ገዝኦም ክጸንሑ ብምግባር ጥዕና ሕብረተሰብ ይሕሉ
- ናይ ሕማም ምልባዕ ብምንካይ ዝያዳ ፍርያታዊ ናይ ስራሕ ቦታ ይፈጥር
- ሰራሕተኛታት ደሞዞም ከይሰኣኑ ጥዕናኦም ስለዝሕልዉ ኢኮኖምያዊ ውሑስነት ይሃንጽ

ኣብ ትሕቲ እዚ ሕቶን መልሲን ዘይተጠቓለለ ሕቶ ኣለካ ድዩ? ንናይ ዝኽፈሎ ናይ ሕማም ከምኡድማ ውሑስ ግዜ መርበብ ሓበሬታና ተወከስ፡ ብ 206-256-5297 ደውል፡ ወይድማ ብኤሌክትሮኒክ መንገዲ ርኸበና:

- ሕቶታትን ጥርዓናትን ዘለኩም ሰራሕተኛታት—ኦንላይን ሕቶ ስደዱ ወይድማ ናብ workers.laborstandards@seattle.gov ኢሜይል ለኣኹ።
- ቴክኒካዊ ሓገዝ ዝደልዩ ኣስራሕቲ—ኦንላይን ሕቶ ስደዱ ወይድማ ናብ business.laborstandards@seattle.gov ኢሜይል ለኣኹ።

---

**ዝኽፈሎ ናይ ሕማም ከምኡድማ ውሑስ ግዜ (PSST) እንታይ እዩ?**

ዝኽፈሎ ናይ ሕማም ከምኡድማ ውሑስ ግዜ ሰራሕተኛታት ነዚ ዝስዕብ ዝጥቀሙሉ ኣስራሒኦም እናኸፈሎም ካብ ስራሕ ዝቦኽሩሉ ግዜ እዩ:

- ብምኽንያት ሕማም፡ ማህሰይቲ፡ ወይድማ ኩነታት ጥዕና ንገዛእ-ርእሶም ወይድማ ንኣባል ስድራቤቶም ንክሕብሕቡ
- ንገዛእርእሶም ወይድማ ንናይ ስድራቤቶም ኣባል ሕክምናዊን ናይ መከላኸሊን ክንክን ክረኽቡ ናብ ሓኪም ንክኸዱ
- ሰራሕተኛታት ብሰብመዚ ጥዕባ ሕብረተሰብ ንገዛእ-ርእሶም ክውሸቡ እንድሕር ተመኺሮም
- ናይ ስድራ-ቤቶም ኣባል ዝሳተፈሉ ቤት-ትምህርቲ ወይ መሕብሐቢ ቦታ እንድሕር ተዓጺዩ
- ስራሕ ዝሰርሑሉ ቦታ ብጥዕናዊ ምኽንያት ብትእዛዝ መንግስታዊ በዓልመዚ ክዕጸዉ እንከሎ
- ኣብ መላእ ዓለም ንዝርከቡ 250 ወይድማ ዝያዳ ናይ ሙሉእ-ሰዓት ሰራሕተኛታት ዘለዉዎም ናይ ንግዲ ትካላት ብዝምልከት: ናይ ንግዲ ስራሕ ትካሎም ብዝኾነ ናይ ጥዕና ወይ ውሑስነት ምኽንያት እንድሕር ተዓጺዩ

**ኣየኖት ሰራሕተኛታት እዮም** PSST **ዝረኽቡ?**

ኣብ Seattle፣ እቲ ሕጊ ኣስራሕቲ ንኹሎም ሰራሕተኛታት ዝኽፈሎ ናይ ሕማም ከምኡድማ ውሑስ ግዜ ክህቡ የገድዶም። እዚ ናይ ሙሉእ-ግዜ፡ ናይ ትርፊ-ግዜ፣ ግዝያዊ፣ ሕድገት ዝተገብረሎም፡ ከምኡድማ ሕድገት ዘይተገብረሎም ሰራሕተኛታት የጠቓልል።

**እቶም ሰራሕተኛታት ከንደይ** PSST **ይረኽቡ?**

ዝኽፈሎ ናይ ሕማም ከምኡድማ ውሑስ ግዜ ኣብ ነዊሕ ግዜ እዩ ዝውሰድ። እቲ መጠን ኣብ ናይቲ ሰራሕተኛ ዝሰርሖም ብዝሒ ሰዓታትን ኣብ ናይ ኣስራሒኦም ናይ ንግዲ ትካል ግዝፈትን ዝተደረኸ እዩ። ንዝርዝር ሓበሬታ፡ ናይ ቤት-ጽሕፈት ስተንዳርድታት ሸቕሊ መርበብ ሓበሬታ ተወከስ።

**ሓደ ሰራሕተኛ ብሓንሳእ ከንደይ** PSST **ክወስድ ይኽእል?**

ሓደ ሰራሕተኛ ዝኾነን ኩሉን ዘዋህለሎም ሰዓታት ክጥቀም ይኽእል እዩ፡ ኣብ እቶም ወሰኻት ምስቲ እቲ ኣስራሓይ ናይ ስራሕ ሰዓት ዝመዝገበሉ ዝተሓተ መጠን ግዜ ዝመጣጠን እንተኾይኑ (ካብ ሓደ ሰዓት ዝነውሕ ግን ክኸውን የብን)።

**ሰራሕተኛታት ናይ** PSST **ባላንሶም ከመይ ጌሮም ይረኽቡ?**

እቶም ኣስራሕቲ ኣብ ነብሲወከፍ ደመወዝ ዝተቐበሉሉ ግዜ እዚ ሓበሬታ ክካፍሉ ኣለዎም። ብዙሓት ኣስራሕቲ እዚ ሓበሬታ ኣብ ናይ ክፍሊት ቅብሊታት የቐምጡዎ ወይድማ ብናይ ኦንላይን ናይ ፐይሮል ሓበሬታ ስርዓት ኣቢሎም የቕርብዎ።

**<u>ናይ ስራሕ ቦታኦም</u> ብምኽንያት ከም** COVID-19 **ዝኣመሰሉ ናይ ጥዕና ጸገማት ዝተዓጽዎ ሰራሕተኛ** PSST **ክጥቀም ይኽእልዶ?**

<u>እወ</u>። ኣብ ትሕቲ እዞም ዝስዕቡ ኣጋጣሚታት:

እቲ ኣብዚ ሰነድ ዝቐረበ ሓበሬታ ከም ሕጋዊ ምኽሪ ክገልግል ዝተሓሰበ ኣይኮነን፡ ስለዚ ከም መተካእታ ሕጊታትን ስሪታትን ኮይኑ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል የብሉን።

ዝተመሓየሸሉ ዕለት: 05/01/2021

- ኩሎም ኣስራሕቲ ናይ ስራሕ ቦትኦም ብምኽንያት ጥዕና-ተንከፍ ምኽንያት ብትእዛዝ መንግስታዊ በዓልመዚ እንድሕር ተዓጽዩዎም ንሰራሕተኛታቶም PSST ክፈቕዱ ይግደዱ።
- ኣብ መላእ ዓለም ንዝርከቡ 250 ወይድማ ዝያዳ ናይ ሙሉእ-ሰዓት ሰራሕተኛታት ዘለዉዎም ናይ ንግዲ ትካላት ናይ ስራሕ ቦትኦም ብዝኾነ ጥዕና-ተንከፍ ምኽንያት ስራሕ እንድሕር ነኪዮም ወይድማ እንድሕር ዓጽዮም ሰራሕተኛታቶም PSST ክወስዱ ክፈቕዱ ይግደዱ። እቲ ምዕጻው ብመንግስታዊ በዓልመዚ ዝተኣዘዘ ወይ ዝተመኸረ ክኸውን የብሉን።

**መን እዩ መንግስታዊ በዓልመዚ?**

መንግስታዊ በዓልመዚ ናይ ስራሕ ቦታ ወይ ቤት-ትምህርቲ ክዓጽው ስልጣን ዘለዎ ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛ እዩ። እዚ ከባቢያዊ፡ ናይ ክፍለግዝኣት፡ ወይድማ ናይ ፌደራል ሰብመዚ ከምኡድማ ናይ ጥዕና ሰብመዚ (ንኣብነት፡ናይ ኪንግ ካውንቲ ባዕል መዚ ጥዕና (Seattle - King County Public Health)፣ ማእከላት ናይ ሕማም ምክልኻል (Center for Disease Control )፣ ወይድማ ስቴት ዲፓርትመንት ጥዕና(State Department of Health) ወይድማ ላዕለዋይ ሓላፊ ወይ ርእሰመምህር ናይ መንግስታዊ ቤት-ትምህርቲ።

**ሰራሕተኛታት ናይ ስድራቤቶም ኣባል ዝሳተፈሉ ቤት-ትምህርቲ ወይን ናይ ክንክን ቦታ እንድሕር ተዓጽዩ PSST ክጥቀሙ ይኽእሉዶ?**

እወ። ሰራሕተኛታት ናይ ስድራቤቶም ኣባል ዝሳተፈሉ ቤት-ትምህርቲ ወይን ናይ ክንክን ቦታ እንድሕር ተዓጽዩ PSST ክጥቀሙ ይኽእሉ እዮም። ቅድሚ እቶም ማርች 2020 ዝተገብሩ ምምሕያሻት፡ ናይ ቆልዓኦም ናይ መሕብሐቢ ቦታ ወይድማ ቤት-ትምህርቲ ብጥዕና-ተንከፍ ምኽንያት ብትእዛዝ መንግስታዊ በዓልመዚ እንድሕር ተዓጽዩ፡ ሰራሕተኛታት PSST ክጥቀሙ ይኽእሉ እዮም። ሕጂ ሰራሕተኛ እንድሕር ናይ ዝኾነ ኣባል ስድራቤት መሕብሐቢ ቦታ ወይ ቤትትምህርቲ ተዓጽዩ PSST ክጥቀም ይኽእል እዩ። ብተወሳኺ፡ እቲ ምዕጻው ብጥዕና-ተንከፍ ምኽንያት ወይድማ ብትእዛዝ መንግስታዊ በዓልመዚ ክኸውን ሕጊ ኣየገድድን።

**መን እዩ ከም ኣባል ስድራቤት ብቑዕ ዝኸውን?**

ኣባል ስድራቤት ዝበሃል ህጻን፡ ወላዲ፡ በዓልቲቤት፡ ምዝጉብ ዘቤታዊ መጻምድቲ፡ ኣቦ ሓጎ/እኖ ሓጎ፡ ውሉድ ውላድ፡ ወይድማ ሓው/ሓፍቲ የጠቓልል።

**እቲ ኣስራሒ ነቲ ሰራሕተኛ ስለምንታይ PSST ክጥቀም ከምዝሓተተ ዝርዝር ሓበሬታ ክሓቶዶ ይኽእል?**

ኣይፋል። ሰራሕተኛታት PSST ዝተጠቕሙሉ ምኽንያት ክገልጹ ኣይግደዱን። እቶም ኣስራሕቲ ድሕሪ ልዕሊ ሰለስተ ተኸታተልቲ ናይ PSST ናይ ስራሕ መዓልቲታት እቲ PSST ንዝተፈቕደሉ ዕላማ ይውዕል ምህላዉ መረጋገጺ ክሓቱ መሰል ኣለዎም። እቶም ኣስራሕቲ ብዛዕባ ባህሪ ኣጠቓቕማ ዘይክሓቱ ይኽእሉ እዮም። ብኽብረትካ ንዝያዳ ሓበሬታ ሙሉእ [ሕቶን መልሲን ረኣይ](#)።

**መዓስ እዩ ኣስራሒ ንሰራሕተኛ ናይ PSST ምጥቃም መረጋገጺ ክሓትት ዝኽእል?**

ድሕሪ ናይ ሰለስተ መዓልቲ ብኩራት፡ እቲ ኣስራሒ ናይ PSST ምጥቃም ቀጻሊነት ኣድላይነት ዘርኢ ሰነድ ክሓትት ይኽእል እዩ። እቲ ሰራሕተኛ እቲ ምጥቃም ዝተፈቕደሉ ከምዝኾነ ጥራይ እምበር ናይቲ ኣጠቓቕማ ባህሪ ክብርህ ኣይግደድን። ኣስራሕቲ መረጋገጺ ክሓቱ የብሎምን ከምኡድማ ኣስራሕቲ ኣብዚ ግዜ እዚ ተዓጻጸፍቲ ክኾኑ ነተባብዕ።

ብዛዕባ መረጋገጺ ከምኡድማ ብዛዕባ ናይ ክፍሊት መረጋገጺ ስሪታት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ብኽብረትካ ሙሉእ ናትና [ሕቶን መልስን ረኣይ](#)።

**ሰራሕተኛ PSST ክጥቀም ከተገድዶ ይከኣልዶ?**

ኣይፋል። እቶም ኣስራሕቲ በቲ ኦርዲናንስ ንዝሸፈን ብኩራት ንሰራሕተኛታት PSST ክጥቀሙ ከገድዱዎም ኣይኽእሉን።

**ኣስራሒ ሰራሕተኛ ክሓምም እንከሎ ንገዝኡ ክሰዶ ይኽእልዶ?**

እቲ ናይ PSST ሕጊ ኣስራሓይ ንሰራሕተኛ ብምኽንያት ሕማም ንገዝኡ ከይሰድድ ኣይኽልክልን። ካልኦት ናይ ክፍለግዝኣትን ከባብያዊን ሕጊታት ንሰራሕተኛ ናብ ገዝኡ ምስዳድ ሕጋዊ ድዩ ወይስ ረቛሒ ክውስኑ ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት፡ ናይ ዲፓርትመንት ጥዕና ስሪታት ኣስራሕቲ ንናይ መግቢ ኣገልግሎት ሰራሕተኛ ከም ተምላስ ወይ ናይ ጎሮሮ ሳሒን ረስኒን እንድሕር ሪኦሙሉ ናብ ገዝኡ ክሰዱዎ የገድዱዎም። ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ናይ ዋሽንግቶን ምምሕዳር ኮድ 246-215 ([Washington Administrative Code 246-215 ](#)) ረኣይ ወይድማ ን በዓል መዚ ጥዕና ናይ ሲያትል ኪንግ ካውንቲ [(Seattle-King County Public Health Department)](#) ኣዘራርብ።

**ኣስራሕቲ ተላባዒ ሕማም ናብ ዘለዋ ሃገር ንዝተጓዓዙ ሰራሕተኛታት ካብ ስራሕ ክኽልክሉ ይኽእሉዶ?**

ሓደ ሰብ ን COVID-19 ከምዝተቓልዐን ከምዘይተዓልዐን ንምፍላጥ ናብ ገለ ሃገር ወይ ዞባ ዝገበሮ ጉዕዞ ሓቃዊ ሓባሪ ክኸውን ኣይኽእልን። ዝኾነ ኣካል ወይ ጉጅለ ንናይ COVID-19 ክስተት ተሓታታይ ወይ ዒላማ ክኸውን ኣይኽእልን። ኣድልዎታትን ምስፍሕፋሕ ግጉይ ሓበሬታን ከመይ ክንከላኸሎምን ምላሽ ክንህቦምን ከምዘለና ዝምልከት ሓበሬታ [ኣብዚ ጠዊቕካ](#) ክርከብ ይከኣል እዩ። ኣብ ናይ ሰራሕተኛ ዓሌት ወይ ብሄራዊ መበቆል ዝተደረኸ

እቲ ኣብዚ ሰነድ ዝቐረበ ሓበሬታ ከም ሕጋዊ ምኽሪ ከገልግል ዝተሓሰበ ኣይኮነን፡ ስለዚ ከም መተካእታ ሕጊታትን ስሪታትን ኮይኑ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል የብሉን።

ዝተመሓየሸሉ ዕለት: 05/01/2021

ኣሉታዊ ናይ ሽቕሊ ስጉምቲ ምውሳድ ኣድልዎ ክብ ክብል ይኽእል እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ምስ ቤት-ጽሕፈት ሲቪላዊ መሰላት (Office of Civil Rights) ብ 206-684-4500 ተዘራረብ።

**እቶም ሰራሕተኛታት ኩሉ ዘዋህለሉዎ PSST ዝተጠቐሙ እንተኾይኖም ወይድማ ገና ዝተዋህለለ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ዘይብሉ ሓድሽ ሰራሕተኛ እንተኾይኑኸ?**

ኣስራሕቲ ዝተዋህለለ ናይ PSST ሰዓታት ጥራይ እዮም ንሰራሕተኛታቶም ክፈቕዱ ትጽቢት ዝግበረሎም። ኣስራሕቲ ብሰናይ ድልየቶም ተወሳኺ ዝኽፈሎ ዕረፍቲ ክህቡ ወይድማ ዕረፍቲ ወይ ካልእ ዝተዋህለለ ዕረፍቲ ክፈቕዱ ይኽእሉ እዮም። ካልኦት ሕጊታት ኣስራሒ ንሰራሕተኛታት ዕረፍቲ ክህቡ ከገድዱዎም ይኽእሉ እዮም; እንኮላይ: እቲ ናይ ስድራቤት ከምኡድማ ሕክምናዊ ዕረፍቲ ሕጋገ (Family and Medical Leave Act)፣ ዝኽፈሎ ሕክምናዊ ዕረፍቲ ስድራቤት ክፍለግዝኣት ዋሺንግተን (Washington State Paid Family Medical Leave)፣ ከምኡድማ ናይ ፌደራል፣ ክፍለግዝኣት፡ ከምኡድማ ከባብያዊ ናይ ስንክልና ሕጊታት።

ማርች 18, 2020፡ ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ መንግስቲ ብናይ COVID-19 ተዛመድቲ ምኽንያታት ዋላ ነቶም ገለ ዝተዋህለለ PSST ዘይብሎም ገለ ሰራሕተኛታት ናይ ሕማም ዕረፍቲ ክወስዱ ዝፈቅድ ህጹጽ ኣዋጅ ኣውጺኡ ኣሎ። እዚ ኣዋጅ ኣብ ወይ ኣብ ከባቢ ኤፕረል 2, 2020 ኣብ ግብሪ ክውዕል እዩ። OLS ሓድሽ ሓበሬታ ክርከብ እንከሎ ነዚ ሕቶን መልሲን ከመሓይሾ እዩ።

**ሰራሕተኛታት ዘይተጠቐሙሉ PSST PSST ዘድልዮም መሳርሕቶም ንምሕጋዝ ናብ ዝኽፈሎ ናይ ዕረፍቲ ልግሲ መደብ ክልግሱ ይኽእሉዶ?**

እወ፡ እቲ ኣስራሓይ እዚ ዝፈቅድ ፕሮግራም እንተልዩዎ። (እቲ ሕጊ እዚ ክግበር ኣየገድድን።)

**ሰራሕተኛታት PSST ክወስዱ ዘድልዮዎም ሰዓታት ዝሸፍነሎም ሰብ ክደልዩ ይኽእሉዶ?**

ኣይፋል። ኣስራሒ ንሰራሕተኛ ናይ PSST ሰዓታት ዝሸፍነሉ ሰብ ክደልይ ከገድድ ኣይኽእልን።

**ሰራሕተኛ ኣብ ክንዲ ዝኽፈሎ ናይ ሕማምን ውሑስ ግዜን ናይ ስራሕ ፈረቓታት ክቕያይር ይኽእልዶ?**

እወ። ኣስራሒን ሰራሕተኛን እንድሕር ተሰማዕሚዖም፡ ሰራሕተኛ ኣብ ክንዲ PSST ምውሳድ ናይ ስራሕ ፈረቓታት ክቕያይር ይኽእል እዩ።

**ናይ መንግስታዊ ቤት-ትምህርቲታት ሲያትል** (SPS, Seattle Public Schools) **ሰራሕተኛታት ብናይ** ዝኽፈሎ ናይ ሕማም ከምኡድማ ውሑስ **ግዜ ሲያትል ሕጊ ሽፋን ይረኽቡ ድዮም?**

ኣይፋል። እንተኾነ፡ ገለ ናይ SPS ሰራሕተኛታት ብናይ ናይ ዋሺንግተን ክፍለግዝኣት ዝኽፈሎ ናይ ሕማም ዕረፍቲ ሕጊ (Washington State Paid Sick Leave law) ሽፋን ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም። ብዛዕባ መንግስታዊ ሓለዋታት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ተወከስ: https://lni.wa.gov/workers-rights/leave/paid-sick-leave/።

**ሰራሕተኛታ PSST ካብቶም ብሕጊ ሓለዋ ዝግበረሎም ምኽንያት ወጻኢ ንኻልእ ዕላማ ክጥቀም ይኽእልዶ?**

እወ። ኣስራሕቲ PSST ካብቶም ብሕጊ ዝተሸፈኑ ምኽንያታት ወጻኢ ንኻልእ ዕላማ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ክፈቕዱ ይኽእሉ እዮም።

**ኣነ ኣብ ትሕቲ እዚ ሕጊ ብዛዕባ መሰላተይን ግቡኣተይን ሕቶታት እንተለዉኒ ናብ መን ክድውል እኽእል?**

ብኽብረትካ ናብ ቤት-ጽሕፈት ስተንዳርድታት ሽቕሊ ሲያትል (OLS, Seattle Office of Labor Standards) ብ 206-256-5297 ደውል ወይድማ ነዚ መርበብ ሓበሬታና ተወከስ http://www.seattle.gov/laborstandards። ሕቶታት ክንምልስ ከምኡድማ ሪሶርስታት ከነቕርብ ንኽእል ኢና!

**ብዛዕባ COVID-19 (መጀመርያ ኖቭል ኮሮና ቫይረስ ዝበሃል ዝነበረ) ከምኡድማ ብዛዕባ ንኽዳሎ ክወስዶም ዘለኒ ቅድምሰዓባት ዝያዳ ሓበሬታ ኣበይ ክረክብ እኽእል?**

ነቲ መንግስታዊ ጥዕና (Public Health) ተወከስ – ናይ ሲያትል ከምኡድማ ኪንግ ካውንቲ ብዛዕባ COVID-19 ፡ ሰፊሕ FAQ ከምኡድማ ንሓፋሽ፣ ቤት-ትምህርቲታት፡ ናይ ስራሕ ቦታታት፡ ናይ ጥዕና ክንክን ሰራሕተኛታት ከምኡድማ ካልእ ከገብሩዎ ብዛዕባ ዝግባእ ድሉውነት ምኽሪታት ዘጠቓልል።

**ሓዱሽ!** ንዝተሃሰዩ ማሕበረሰባት ዝኾኑ ሪሶርስታት ክትረክብ ነዚ ገጽ መርበብ ተወከስ።

እቲ ኣብዚ ሰነድ ዝቐረበ ሓበሬታ ከም ሕጋዊ ምኽሪ ከገልግል ዝተሓሰበ ኣይኮነን፡ ስለዚ ከም መተካእታ ሕጊታትን ስሪታትን ኮይኑ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል የብሉን።

ዝተመሓየሸሉ ዕለት: 05/01/2021